# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኡልም ፡
# መበል 24 ዓመት ጽንብል ናጽነት - ብልዑል ሓበን ኣብዒሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ኡልም ፡ ጽንብል መበል 24 ዓመት ናጽነት ብ 23 ግንቦት 2015 “ ልምዓት ብጽንዓት ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሓበንን ውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ጸምቢሎም፡፡ ሸማግለታት ውዳቤታት ከተማ ኡልም ፡ ብውህደት ኣባላት ማ/ኮም፡ ህ.ግ.ደ.ፍን ሃ.ማ.ደ.ኤን ንዘዳለውዎ መደብ በዓል ብዝኽሪ ስማእትታ ብድሕሪ ምኽፋት ፡ ነታ ብመስዋእቲ ብሉጻት ዝመጸት ክብርቲ ዕለተ ነጻነት ዝምልከት ረዚን ትርጉምን ሚዛንን ዝሓዘለን ካብ ዘጠቓለሉ መግለጺታት፡ ዕለተ ናጽነት ኤርትራ ፍልይትን ድምቕትን ዝገብራ እምበኣር መላእ ህዝቢ መዳርግቲ-ኣልቦ ስቓይን ምረትን ጸይሩ፣ ረዚን ዋጋ ከፊሉ፣ ብተኣምራታዊ ጅግንነቱ ከውን ዝገበራ ዕለት ብምዃና እያ ። ድሕሪ ናጽነት፡ ልኡላውነት ህዝቢ ኤርትራ ብምድፋር፡ ትስፉውን ኣብነታውን ጉዕዞ ንምኹላፍ ዝተኻየደ ፍሹል ሃቐነታት እውን፡ ንሃገራዊ ታሪኹን ሓበኑን ዝያዳ ኣዕዚዝዎ ይርከብ ክብሉ መልእኽቲ ንተሳተፍቲ ኣቕረቡ፡፡

በዚ ኣጋጣሚ ነበርቲ ከተማ ኡልም ሓድነቶም ኣደልዲሎም ጥምረቶምን ውዳቤኦምን ብምሕያል ተሳትፎኦም ኣብ ሃገራዊ መደባት ብሓፈሻ ኣብ ወፍሪ ንቕጠባዊ ልምዓት ክብ ከም ዝብሉ ከረጋግጹ ከለው ፡ ኣብ ራህዋ ይኹን ኣብ ጸበባ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፡ ኣብ ጐኒ ህዝብን መንግስትን ኤርትርራ ኮይኖም መኸተኦም ከምዘሕይሉ ድልውነቶም ብምግልላጽ ፡ ኣብቲ ተዳልዩ ዝነበረ ባህላዊን ሃገራዊን ፕሮግራማት ብልዙብን ሕጉስን ኣገባብ ፡ ብምዝንጋዕ መደብ ጽምብል መበል 24 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ኡልም ዓወት ተዛዚሙ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ዓወት ንሓፋሽ !
ሃገራውያን ውዳቤታት ከተማ ኡልም (ጀርመን) ዕለት 26. 05. 2015